# ኣመል መኹምብያ ጢጡ

ኣብ 60ታት'ዩ። ወተሃደራት ኢትዮጵያ ምስ ጀብሃ ፊት-ፊት ተጋጠሙ። ሓደ ፋልማዩ ኣብ ውግእ ዝኣተወ መንእሰይ ወተሃደር ጠበንጃኡ ኣቕኒዑ እናተኰሰ፡ ካብ ተጋደልቲ ዝተሓምበበ ጠያይት ብጉንዲ እዝኑ ጭው! ጭው! በለ'ሞ፡ ወዮ ሓድሽ ተዋጋኣይ ሸኰኹ፡ 'ኣንታ እዚኦም ዓያሹ'ዮም! ዓይንና ከንቍሩና!" ኢሉ ብረቱ ደርብዩ ጢጥ በለ ይበሃል። ብተመሳሳሊ ስዕርቲ ጀንዳ፡ ባዕላ ውግእ ወሊዓ፡ ብዓጸፋ ውቅዒት ልባ ምስ ተመልሐ፡ 'ኣንታ እዚኦም ኣራዊት እዮም! ንሕስያ ዘይብሎም!" ክትብል ተሰሚዓ። ያኢ ውግእ ሸርጢጣስ ንሕሰያ ተጸብያ። 'ንትግራይ ዘይመውት ብጥይት በሉዎ' እናበለት ክንደይ መንእሰይ ኣህሊቓ እውን፡ 'ጀኖሳይድ' ኢላ ክትቁዝም ኣይሓነኸትን።

'ሰሪቓስ እንተትሓፍረለይ' ይብላ ነበራ ለባማት መሰልቲ ኣደታት! ናትካ ኣቐሚጥካ ጸሎሎ ክትቀብእ ምውዓል፡ ጀንዳ ወያነ ፍጥር ክትብል ከም ጥበብ ፖለቲካ ዝረዓመቶ፡ ምስኣ ዓኹኹ ዝኣረገ ውስልትና'ዩ። ክሳብ ምግናዛ ድማ ምስኣ ቀጺሉ። ኣመል መኹምብያ ጢጡ! 'ደቂቕ'የ!' በሃላይ 'ፍሩይ' ኮይኑ ክወጽእ ዘይሓስቦ ክፍኣትን ዘይፍጽሞ ነውሪን የለን። እቲ ዘገርም፡ በደላቱ ከም ግቡእን ቅኑዕን፡ ሳዕቤናቱ ድማ ከም ጭካነን ገበንን ዝወስዶ ምኳኑ'ዩ። - ውድቕቲ ጀንዳ፡ ኣብ መንበረ ስልጣን ተኹይጣ፡ ዕላማን መሰዋእቲን ህዝቢ ትግራይ ጠሊማ፡ ብ'ኽቱር ስስዐ ጸጋታት ሃገር ዘዘሚታ ማሕፉዳኣ ከትጥርንቕ ከላ፡ 'ኣበይ ኮይነ ክበልዖ? መርገም ህዝቢ ትግራይ ከይሓንቀኒ!' ኣይበለትን።

ርስቲ እንዳማታ መንዚዓ፡ ብዘይ ጠስማን ሰሊጣን ጸረር ክትብል ከላ፡ ሰብ ርስቲ መድሎ ዝረኸብሉ ዕለት ከምዝሰሃሉዋ ኣይተሰቆራን። በየናይ ኣእምሮኣ! - ስልጣና ንምውሓስ ኣህዛብ ብዓሌት፡ ቋንቋን ሃይማኖትን ጎጃጂላ ከተተፋንን ከላ፡ ዘና'ኸሰቶ ጓህሪ፡ ባርዕ ፈጢሩ ተገልቢጡ ከምዝልብልባ ቀልቢ ኣይገበረትን። - ኣ'ኽደምታ ከተፈስህ፡ ንህዝቢ ትግራይ 'ይንዕቁ'ኻ'ዮም' እናበለት ንወራር ከተህንድዶ እንከላ፡ 'ህዝበይ ምስ ጎረቤቱን መናብርቱን ደም ተ'ኺሊሉ፡ መወዳእታኡ ምስ መን'ዩ ክነብር?' ኢላ ኣይሓሰበትሉን። -

ኣብ ኢትዮጵያ ዝቕመጡ ዝነበሩ 80 ሺሕ ኤርትራውያን ዘርኦም እናጸብጸበት፡ ቆልዓ ሰበይቲን ሽማግለታትን እንተላይ ነብሶጾራትን ኣብ ሆስፖታል ዝተዓቑቡ ሕሙማትን ከተባርር፡ ከተጋፍዕን ንብረቶም ክትራሲን ከላ፡ መስጣ ከይህልዎ ኢላ ኣይተሰከፈትን። ብወራር ኣብ ዝበጽሓቶ መሬት ኤርትራ፡ ሰፌሕ ዝምታን ራስያን ዕንወትን፡ ክሳብ ሓውልቲ መጠራ ምዕናውን መቓብር ስውኣት ምፍሓርን ዝበጽሐ ነውራም ተግባር ክትፍጽም ኣብያተ እምነት ከተዕኑን ከተራ'ኽስን፡ ቅዱሳት ጽሑፋት ከተቃጽል ከላ፡

ከቢድ መዘዙ ኣየቕለበትሉን። - ንወተሃደራት ሰሜን-እዝ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ክሕደትን ጭካነን ብድቁሶም ክትሓርዶም ከላ፡ ደም ግሩሃት ከይፋረደኒ ኣይበለትን። ኣጽዋሮም መንዚዓ፡ 'ኣብ ርእሲኦም ከነዝንቦ ኢና!' ኢላ ክተጕርር ከላ፡ ዝኣመነቶ ኣጽዋር ኣሕዲጎም፡ ኣብ ርእሲኣ ዘዝንብዎ ዓንተራት ከምዘለዉ ኣይገመተትን። ብጠንቀምቀም፡ ናብ ኤርትራ ሮኬታት ክትውርውር ከላ፡ ዕጥቃ ኣፍቲሖም ኣደብ ዘትሕዙዋ ጎባልል ከምዘለዉ ኣይጠርጠረትን። - መሬት ኣምሓራን ዓፋርን ወሪራ፡ ሰላማውያን ክትቀትል፡ ከተጋፍዕ፡ ትካላትን ካልእ ንብረትን ከተዕኑ፡ ኣብ ክሽነ ዝጸንሓ ሽሮን በርበረን ከይተረፈ ክትዘምት ከላ፡ 'ኢድ ሽናሒት ጸናሒት' ዝብል ምስላ ኣይዘከረትን። በየናይ ቀልባ! ዕሽነትን ድንቍርናን ስዕርቲ ጃንዳ ጸብጺብካ ኣይውዳእን። እቲ ዘሕዝን ድኽነት ኣእምሮ፡ ኣብ ህዝቢ ዘውርዶ ኣደራዕን መከራን እዩ። ስልበጣ መኹምብያ ጢጡ፡ ሕንከትን ሕስረትን ዘይፈልጥ ምኺኑ ድማ ዝበኣሰ። ሓጥያትካ ከዊልካ፡ ንኻልእ ምጥቃን'ዩ ቀንዲ መለለዪ ሕማም ነብሰ-ሕልከት (inferiority complex)።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣሓዳስ ኤርትራ

22 ለካቲት 2023 -